hallo–
baselland.ch

BASEL LANDSCHAFT

# ቛንቛን ምውህሃድን

ምውህሃድ

ቀረባት ምውህሃድ

ቛንቛ

ቛንቛ ጀርመን ምጽናዕ

# ምውህሃድ

**ወጻእተኛታት ኣብቲ ዝጽምበርዎ ዘለዉ ሕብረተሰብ ንክወሃሃዱ ትጽቢት ይግበረሎም። ምስዚ ተታሓሒዙ ዝኸይድ: ሕግታት ክኽተሉ:ቁጠባዊ ትሕዝትኦም ብገዛእ ርእሶም ክማዕብሉን ቋንቋ ጀርመን ክጽንዑን ይግደዱ።**

## ኣገደስቲ መሰረታዊያን ሓረግ ሕግታት

ክኡሎም ተቐመጥቲ ስዊስ: ሕገ መንግስቲ ከስተውዕሉ ይግባእ።ንኣብነት: ማዕርነት ደቂ ተባዕትዮን ደቀ ኣንስትዮን ዝምከት ሕጊ ብዝግባእ ከተግብሩ። ብተወሳኺ: ነብሲ ወከፍ ነባሪ ብዝተኻእለ መጠን ብቁጠባ ነብሱ ክኽእል። ኣብ ልዕሊ.ዚ'ውን: ነብሲ ወከፍ ነባሪ ናይቲ ዝነብረሉ ከባቢ ቋንቋ ከጽንዕ ይግደድ።ምውህሃድ ክርከብ ትጽቢት ዝግበረሉ: ክልቲኦም ወገናት ጻዕሪ ወይ ንጥፈት ምስዘካይዱ እዩ። ኣብዚ ኩነትዚ ከኣዩ ካብ ዜጋታት ናይዚ ሃገር ግሉጽነት ብደቂ ወጻኢ ትጽቢት ክግበረሉ ዝከኣል።

## ናይ ገዛእ ርእስኻ ሓላፍነት

መንግስቲ:ካንቶን: ምምሕዳር ከባቢ: ነብሲ ወከፍ ኣብ ከባቢኦም ዝነብር ወጻእተኛ: ኣብ ቁጠባዊ:ማሕበራዊን ባህላዊን ሂወት ብስሩዕ ኣገባብ ንክእቱ ብዕቱብ ይሰርሕሉ። እቶም ነበርቲ ናይዚ ከባቢ ዝኾኑ ወጻእተኛታት ከኣ ብወገኖም ነዚ ናይ ገዛእ ርእሶም ሓላፍነት ወሲዶም ክጽዕትሉ ይግደዱ። ነቲ ዝወሃቦም ኣቕርቦት ከኣ ብዝግባእ ክምዝምዝዎን ክጥቀምሉን: ቅርቡነት ከርእዩን: ኩሎም ሰብ መዚ ነዚ ዓቢ ትጽቢት ይገብርሉ።

## ተሳታፍነት ኣብ ማሕበራዊ ናብራ

ማሕበራት ኣብ ናይ ስዊስ ማሕበረሰብ ንክትውህሃድን ሰባት ክትላለን ሓደ ጽቡቕ ተኽእሎ ይህባ/የበርክታ። ብተወሳኺ ከኣ: ኣብቲ ምምሕዳር ከባቢ ዝግበር ፌስታን ዋዕላታትን ነዚ ምስ ሰባት ርክብ ንክትገብር ጽቡቕ መንገዲ ይኸፍታ። ብካልእ ወገን ግን ሓደ ሓደ ነበርቲ ስዊሳዊያን ምስ ናይ ደገ/ወጻኢ ባህልን ልምድን ሌላ ስለዘይብሎም ኣብዚ መዳይ ኣሸጋሪ ክኸውን ይኽእል: ኣብዚ ኩነት ሓደሓደ ግዜ ምቕሉል ምኺንን ዘይምሕላልን የድሊ።

## መረዳእታ ወይ ሓጋዚ ሓበሬታ

ኣብ ካንቶን Basel-Landschaft ሓደስቲ ዝተኣታተዉ ዝተፈላለዩ ናይ መወከሲ ማእከላት ንሓበሬታን ደገፍን ንወጻእተኛታት ቅሩባት ኮይናም ኣለዉ። ሓደ ካብኣቶም እቲ ዝበለጸ መወከሲ ማእከል ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ከባቢ እዩ። ካልእ ውን ብተወሳኺ ፍሉያት ናይ ስደተኛታት መወከሲ ማእከላት ኣለዉ። Ausländerdienst Baselland ብዛዕባ ናብራ ኣብ ስዊስ: ዝተፈላለዩ ሕቶታት በብዛዕቦኦም ይምልሱ። እቲ Anlaufstelle Baselland ብዛዕባ ሕቶታት ዑቅባን መሰል ወጻእተኛታትን ይሕብር። ቛንቛ ጀርመን ክዛረቡ ዘይክእሉ ተርጓማይ ኣምጺኦም ተርጎምቲ ከም ዝረኽቡ ይግበር። ንዝተፈላለዩ ናይ ቛንቛ ጉጅለታት በብዝርድኦም ሓበሬታ ይረኽቡ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-baselland.ch/ti/language-and-integration/integration

# ቀረባት ምውህሃድ

**ምውህሃድ ብቐዳምነት ኣብ ቤት ትምህርቲ፣ ኣብ ስልጠና ከምኡውን ኣብ ስራሕ ኢዩ ዝግበር። እቶም ነዚ ኸባቢታት እዚ (ገና) ዘይረኸቡ ሰባት እተፈላለየ ናይ ምውህሃድ ቀረባት ኣለዎም።**

## ፍሉያት ቀረባት

ወጻእተኛታት ኣብ ስዊስ: ምስ ደቂ ስዊስን ሕብረተሰብ ስዊስን ንክነብሩን ርክብ ንክገብሩን ዝሕግዝዎም ማእለያ ዘይብሎም ፍሉያት ቀረባት ኣለዉ። ገለ ካብእቶም: ቀጻሊ ዝርርብ: ኣብ ትርፊ ግዜ ዝወሃቡ ቀረባት: ኣስተምህሮን ስልጠናን እዮም። እቲ Ausländerdienst Baselland (ald)) ወይ እቲ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ከባቢ ብዛዕባ እዞም ቀረባት ሓበሬታ ይዝርግሑ። ብዙሓት ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ከባቢታት: ሓደስቲ ነበርቲ ንምቕባል ውራይ ይገብሩ: እዚ ከእ ሓደ ጽቡቕ ኣጋጣሚ ፈላሚ ጦብላሕታ ንምግባር ይሕግዝ።

## ማሕበራት

ብዙሓት ተቐመጥቲ/ነበርቲ ካንቶን Basel-Landschaft: ኣባላት ናይ ዝተፈላለዩ ማሕበራት (Verein) እዮም።ንዝተፈላለዩ ድልየታት ዝዓለሙ ማሕበራት ኣለዉ። ኣብ ንኣሽቱ ምምሕዳር ከባቢታት ከይተረፈ: ናይ ስፖርት: ናይ ባህሊን ካልእን ማሕበራት ኣለዋ።እዚእተን ሓደ ጭቡጥ ኣመት ምስ ካልኦት ሰባት ንምርኻብ የሰጉማ።መብዛሕተአን ማሕበራት ንኩሎም ሰባት ክፉታት እየን።ነዘን ማሕበራት ዝምልከት ሓበሬታ ኣብ ኢንተርነት ኣድራሻ ናይዘን ማሕበራት ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ከባቢ ይርከብ።

## ውድባት ስደት

ከከም ቛንቛ: መበቖል ዓዲን ሃይማኖትን ስደተኛታት ባዕሎም ዝመርጹወን ዝተፈላለያ ማሕበራት ኣለዋ። መብዛሕትኡ ግዜ እዘን ማሕበራት ንስደተኛታት ብዛዕባ ምውህሃድን ናብራን ዝምልከት ምኽሪ ይህባ። ንኣባላተን ከኣ ኣብ ስዊስ ብፍላይ ከኣ ኣብ ካንቶን Basel-Landschaft ሓደስቲ ምስዝኾኑ ዝተፈላለዩ ሓገዛት ይገብራ።

## ኣቕርቦት ንመንእሰያት

ኣብ ካንቶን Basel-Landschaft: ንመንእሰያት ብዙሓት ፍሉያት ምስ ክውንነቶም ዝኸዱ ቀረባት: ነጻ ግዜኦም ዘሕልፍሉን: ነባሪ ሌላ ዝምስርትሉን ኣለዉ። ኣብ ብዙሓት ምምሕዳር ከባቢታት መራኸቢ ማእከላትን ነጻ ግዜ ተሕልፈሎም ቀረባትን ኣለዉ። ኣብዚ መንእሰያት ሓሳባቶምን ፈጠራዊነቶምን ንከርእዩ: ፕሮጀክትታት ንክገብሩ ይተባብዑ(Jugendarbeit)። እዞም ቀረባት ከም ሕጊብነጻ ይወሃቡ። Mኣሕበር መንእሰያት: ብሓባር ብማዕረ ንጥፈታት ንምክያድ: ኣብ ተፈጥሮ ስፖርታዊ ንጥፈታት ንምክያድ ይሕግዝ። ነዞም ቀረባት ዝህቡን ሓላፍነት ዝስከሙን: ማሕበራት: ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ከባቢን ቤተክርስትያናት እዮም። እዞም ቀረባት ንኩሎም መንእሰያት ክፉታት እዮም። ምብርሂ ካብ ቤት ጽሕፈት እትነብርሉ ምምሕዳር ከባቢ ይርከብ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-baselland.ch/ti/language-and-integration/integration-programmes

# ቋንቋ

ናብ Basel-Landschaft ገዓዝካ ዲኻ ገና ጀርመንኛ ኣይትዛረብን ዲኻ? ድሕሪኡ ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፍካ ጀርመንኛ ክትመሃር ኣለካ። እቲ ቋንቋ እንተ ተዛሪብካ ነታ ሃገርን ህዝባን ብዝበለጸ ክትፋለጥ ኢኻ። ስራሕ ክትረክብ ድማ ይቐልለካ።

## ላዕለውይ ጀርመን / ስዊስ ጀርመን

ስዊዘርላንድ ኣርባዕተ ሃገራዊ ቋንቋታት ኣለዋ፡ ጀርመን፡ ፈረንሳ፡ ጣልያንኛን ሮማንሽን። ጀርመንኛ ኣብ ካንቶን Basel-Landschaft ወግዓዊ ቋንቋ እዩ። ላዕለዋይ ጀርመንን ስዊስ ጀርመንን ኣሎ።

- ስታንዳርድ ጀርመን (Standarddeutsch) ኣብ ጀርመን ቋንቋ እትዛረብ ስዊዘርላንድ ዝርከቡ ሰባት ስታንዳርድ ጀርመን ይጽሕፉ። ከምኡ'ውን ኣብ ቤት ትምህርትን ሓድሓደ ግዜ ድማ ኣብ ሬድዮን ተለቪዥንን ስታንዳርድ ጀርመን ይዛረቡ።
- ስዊስ ጀርመን (Schweizerdeutsch) ስዊስ ጀርመን ላህጃ ቋንቋ ጀርመን እዩ። ሰባት ኣብ መዓልታዊ ህይወት መብዛሕትኡ ግዜ ስዊስ ጀርመን ይዛረቡ። ምናልባት ድሮ ጀርመንኛ ጽቡቕ ጌርካ ትዛረብ እንተኾንካ፡ ስዊስ ጀርመን ክትርድኣካ ኣጸጋሚ ይኸውን። ሓደ ነገር ኣይርድኣካን? ድሕሪኡ ሰባት ስታንዳርድ ጀርመንኛ ክዛረቡልካ ክትሓትት ናጻ ትኸውን። ባዕልኻ ስዊስ ጀርመን ክትዛረብ ኣየድልየካን እዩ። ድሕሪ ዝተወሰነ ግዜ ግን ክትርድኦ ኣገዳሲ እዩ።

## ቋንቋ ጀርመንን ቆልዑትን

ውላድካ ካብ ጀርመን ወጻኢ ካልእ ቋንቋ ይዛረብ ድዩ? ድሕሪኡ ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፉ ጀርመንኛ ዝዛረቡ ህጻናት ክላለ ኣለዎ። እዚ ውላድካ ዝቐልጠፈ መንገዲ ንኽመሃር እዩ። ንኣብነት ናብ ሓደ ናይ ጸወታ ጉጅለ ክኸይድ ይኽእል። ንወለድን ንህጻናትን ዝኸውን ፍሉይ ቅድመ-ምድላዋት እውን ኣሎ።
ንስኻ እውን ንውላድካ ኣብ ምዕባለ ቋንቋ ክትድግፎ ትኽእል ኢኻ። ምስ ውላድካ ብዙሕ ተዘራረብ፣ ንውላድካ ስምዓዮን ዛንታታት ንገሩን። በቲ ዝያዳ እትፈልጦን ምዝራብ እትፈትዎን ቋንቋ ተዛረብ።

## ምትርጓም / ኣገልግሎታት ምስትርጓም

በቃ ናብ Basel ገዓዝካ ገና ጀርመንኛ ጽቡቕ ጌርካ ኣይትዛረብን ዲኻ? ሽዑ ሓደ ሓደ ግዜ ዝትርጉመልካ ሰብ የድልየካ። ምናልባት ንኣዝማድ ወይ ንእትፈልጦም ሰባት ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።
ገለ ዕላላት ግን ከቢድ ወይ ኣዝዩ ውልቃዊ እዩ። ንኣብነት ኣብ ሆስፒታል ወይ ኣብ ሓደ በዓል መዚ ቆጸራ። ሽዑ ኣብ መንነ ባህልታት ዝነብር ተርጓሚ ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ። እዚኦም ብፍሉይ ካብ ዝተፈላለየ ባህሊ ንዝመጹ ሰባት ዝውዕሉ ሰብ ሞያ እዮም። እቶም ክኢላታት ባህልኻ ፈሊጦም ኩሉ ምእንቲ ክትርዳእ ክትርጉሙ ይኽእሉ።
ካብ ቤት ጽሕፈት ደብዳቤታት ይመጸካ እሞ ኣይርድኣካን? ወይስ ቅጥዒ ምምላእ ወይ ደብዳበ ምጽሓፍ የድልየካ ድዩ? ኣብዚ ሓገዝ ውሰዱ፤

- ald ኣገልግሎት ምስትርጓም
- Schreibstube Liestal SRK

## Sprachniveaus im Ausländer- und Bürgerrecht

ምናልባት መንበሪ ፍቓድ (B) ወይ ናይ ሰፈራ ፍቓድ (C) ከተመልክት ትደሊ ትኸውን። ወይ ድማ ተፈጥሮኣዊ ክትከውን ትደሊ። ጀርመንኛ ቀዳማይ ቋንቋኻ ኣይኮነን? ሽው ጀርመንኛ ጽቡቕ ጌርካ ከም እትዛረብ መርትዖ የድልየካ።

ኣብዚ ብዛዕባ እቲ ንመመልከቲ እንታይ ከም ዘድልየኩም ሓበሬታ ክትረኽቡ ኢኹም፤

- ቤት ጽሕፈት ስደተኛታትን ዜጋታትን (Amt für Migration und Bürgerrecht)

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-baselland.ch/ti/language-and-integration/language

# ቛንቛ ጀርመን ምጽናዕ

ቛንቛ ጀርመን ብትኽክል ንምጽናዕ ናብ ስልጠና ናይ ቛንቛ ጀርመን ምስታፍ የድሊ። ንስልጠና ዝምልከት ምስ ዝተፈላለየ ኩነታት ናይ ናብራ ዝኸይድ ቀረባት ስልጠና ቛንቛ ጀርመን ኣብ ዞባ Basel ተዳልዩ ኣሎ።

## ቀረባት ስልጠና ቛንቛ ጀርመን

ንዝተፈላለዩ ወገናት ዝዓለመ ስልጠና ቛንቛ ጀርመን ኣብ ዞባ Basel ካብ ብዙሓት ኣቕረብቲ ተዳልዩ ይርከብ። ገለ ኣቕረብቲ ናይ ንግዲ ትካላት ክኾኑ ከለዉ ካልኦት ከኣ ንብዙሕ ጉዳያት ዝዓለሙ ናይ መንግስቲ ትካላት እዮም። ናይ ላቲን ፊደላት ዘይፈልጡ ወይ ዝብርትዓም ሰባት ናይ ላቲን ፊደላት (Alphabetisierungskurs) ክምሃሩ ይከኣል። ቅድሚ ናይ ቛንቛ ጀርመን ስልጠና ምውሳድ: ሰባት ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ዓይነት ስልጠናታትን ዋጋኡን ብንጹር ክፈልጡ ይግባእ። ንኣዴታት ምስ ሕጻናት ደቀን ዝወሃብ ፍሉይ ስልጠናውን ኣብ ብዙሕት ምምሕዳር ከባቢታት ኣለዉ። ንወለዲ ምስ ደቆም ፍሉያት ስልጠናታት ምስ ምእላይ ቆልዑት ኣለው። እቲ Ausländerdienst Baselland (ald) ወይ ምምሕዳር ከተማ ብዛዕባ እዞም ቀረባት ሓበሬታ ይዝርግሑ።

## ደረጃ ምልከት ቛንቛ

ሓደ ሰብ ጀርመንኛ ክሳብ ክንደይ ጽቡቕ ጌሩ ከም ዝዛረብ "ሓፈሻዊ ናይ ኤውሮጳ ረፈረንስ" ተጠቒምካ ክዕቀን ይከኣል። ናይዚ ኣሕጽሮተ ቃል GER እዩ። CEFR ንቛንቛ ዝምልከት ደረጃ ኮይኑ 6 ደረጃታት ኣለዎ፡ A1, A2, B1, B2, C1 and C2። ደረጃ A1 ወይ A2 እንተሃልዩካ መሰረታዊ ኣፍልጦ ቋንቋ ጀርመን ኣለካ። ኣብ ደረጃ C1 ወይ C2 እንተበጺሕካ ጽቡቕ ጌርካ ምዕቡል ኢኻ።

- ኣብ ስዊዘርላንድ ኣፍልጦ ዘለዎ ሞያዊ ስልጠና ክትገብሩ ትደልዩ ዶ? ድሕሪኡ ደረጃ B1 ወይ B2 የድልየካ።
- ኣብ ዩኒቨርሲቲ ክትመሃር እንተደሊኻ ደረጃ C1 ወይ C2 የድልየካ።

## ምወላ / መምሃሪ ባጀት

ንስልጠና ቛንቛ ጀርመን ዝግበር ክፍሊት ከም ሕጊ ነብሲ ወከፍ ሰብ ነቲ ስልጠና ዝወስድ ባዕሉ ክኸፍሎ ይግባእ። እቲ ዋጋ ርትዓዊን ምስቲ ዝወሃብ ስልጠና ዝዛመድን ዘዋጽእን እዩ። ገለ ገለ ስልጠናታት ግን ብካንቶን Basel-Landschaft ወይ ብቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ከባቢ ይምወሉዎ በዚ ከኣ ሕሱራት ይኾኑ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-baselland.ch/ti/language-and-integration/learning-german